# ካልኦት ክታበታት ኣብ ወረቐት ምስክር ኮሮና ንምስፋር ተቐባልነት ይረኽባ ኣለዋ

ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ከምኡ'ውን ብኣህጉራዊ ውድብ ጥዕናን ዝጸደቑ ክታበታት ዝተኸተቡ ሰባት ሕጂ ንመገሻዊ ውሽባ ዝምልከቶም ምፉኳሳት ማዕረ እቶም ብኣያተጽሕፈት ጉዳያት መድሃኒት ኤወሮጳ ዝጸደቑ ክትበታት ክኾውን እዩ።

ካብ 24 ሰነ ኣትሒዙ ኖርወይ ናይ ካልኦት ሃገራት ወረቐቕቲ ምስክር ኮሮና ሓቅነቱ ከተረጋግጸሉ ዘኽእላ ፍታሕ ኤወሮጳዊ ሕብረት ተጸንቢራቶ እያ። እዚ ማለት ከኣ እቶም ኣብ ኤወሮጳዊ ሕብረት/ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤወሮጳ ክታበታት ዝተዋህቦም መገሻዊ ውሽባ ዝምልከት ምፉኳሳት ተጌሩሎም ኣሎ ማለት እዩ። ብጃካ ሃገራት ኤወሮጳዊ ሕብረት/ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤወሮጳ ኖርወይ ንምስክር ወረቐት England/ዓዲ እንግሊዝ፡ Wales/ወይልስን  Nord-Irland/ሰሜን ኣየርላንድን ውን ትቕበሎ እያ። .

መታን ነቶም ብዓባይ ብሪጣንያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኣህጉራዊ ውድብ ጥዕናን ዝጸደቑ ክታበታት ዝተኸተቡ ሰባት'ውን ንክምልከቶም ሕጂ ተወሳኺ ፍታሓት ነዳሉ ኣለና። ኣብዚ እዋን እዚ ንክታበታት Covishield (ኣብ ህንዲ ዝፈሪ ክታበት ኣስትራ ዘኔካ) Sinophramን Sinovacን ዝምልከት ይኾውን ኣሎ። እዚ ኩውን ንክኾውን ብመሰረት ፍታሕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኤወሮጳዊ ሕበረት ሓቅነቱ ከነረጋግጸሉ ንኽእለሉ ኮድ-QR ግድን እዩ ክህልዎ ዘለዎ። ነዞም ሰባት ዝኸስን ስርዓተ ምቁጽጻር ቦትኡ ክሳብ ነትሕዞ ገለ ግዜ ክወስድለና እዩ።

–ሕጂ ከም ምሉእ ብምሉእ ክቱባት ዝፍለጡ ሰባት ከምዝውስኹ ክንገብር ንኽእል ብምህላውና ሕጉስ እየ። ከም ተወሳኺ ኣብ ወጻኢ ሃገር ብክታበት Covishield ዝተኸተቡ ኖርወያውን ኣብ መዝገብ SYSVAK ከመዝግቡዎ ዘኽእሎም ፍታሕ ንሰርሓሉ ኣለና። እዚ መዓስ ክግበር ከምዝኽኣል ጸኒሕና ሓበሬታ ክንህበኩም ኢና ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ህይየ።

**ወረቐት ምስክር ኮሮና ናይ ኣርባዕተ ሓደስቲ ሃገራት ተቐባልነት ይረክብ ኣሎ**

ሕጂ ከኣ ሰሜን ማቀዶንያ፡ ቱርክን ዩክራይናን ንፍታሕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኤወሮጳዊ ሕብረት ተጸንቢረኖአ ኣለዋ። ከም ተወሳኺ ካብ ጽባሕ ዓርቢ 3 መስከረም ሰዓት 17.00 ብኮድ-QR ክረገገጽ ዝኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮና ስኮትላንድ ኖርወይ ክትቅበሎ ክትጅምር እያ። እዚ ማለት ከኣ ብኣብያተጽሕፈት መድሃኒት ኤወሮጳ፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኣህጉራዊ ውድብ ጥዕናን ብዝጸደቑ ክታበታት ዝተኸተቡ፡ ካብዘን ዝተጠቐሳ ሃገራት ንኖርወይ ንዝመጹ ነጻ ኮይኖም ክኣትዉ ይኽእሉ ኢዮም ማለት እዩ። እዚ ውን ነቶም ኣብዘን ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሕማም ኮሮና ዘሕለፉ ሰባት እውን ዝምልከት ይኾውን። ስለዚ ካብ መገሻዊ ውሽባ ሕድገት ስለ ዝግበረሎም ኣሉታዊ

ዝውጽኢቱ መርመራ ኮሮና (ተመርሚሮም የብልኩምን ዝብሃሉ)፡ ቅጥዒ መገሻ ምምላእ ወይ ኣብ ዶብ መርመራ ኮሮና ምውሳድ ኣይከድልዮምን እዩ።

## ተሳተፍቲ መጽናዕትታት ክታበት ምፉኺሳት ይግበረሎም

ሕክምናዊ መጽናዕትታት ሓደስቲ ክታበታት ንምክያድ ዝሳተፉ ኣሉታዊ ሸነኻት ንኸይህልዎ ኣብ ከምዚኦም ዓይነት መጽናዕትታት ዝሳተፉ ሰባት ማዕረ ኣብያተጽሕፈት መድሃኒት ኤወሮጳ ዝጸደቑ ክታበታት ዝተኸተቡ ሰባት ምፉኺሳት መገሻዊ ውሽባ ይግበረሎም። እዚ ኣብ ኤወሮጳዊ ሕብረት/ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤወሮጳን ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ዓባይ ብሪጣንን ንዝጸደቑ ክሊኒካዊ መጽናዕትታት እዩ ክምልከት። ከምዚኦም ዓይነት መጽናዕትታት ብወረቐት ምስክር ኮሮናን ብፍታሕ ኤወሮጳዊ ሕብረትን ክረጋገጹ ክኽእሉ ኣሎዎም።

እዚ ብተዛማዲ ንገለ ውሑዳት ሰባት ጥራሕ እዩ ክምልከት፡ ገሊኦም ናይ ብሓቂ ክታበት ዝተዋህቦም ክኾኑ ከለዉ፡ ገሊኦም ከኣ መነጻጸሪ ፕላሰቦ ጥራሕ እዩ ዝወሃቦም። ነዞም ሰባት እዚኦም ካብ መገሻዊ ውሽባ ሕድገት ምግባር ዘስዕቦ ኣስጋእነት ምስፍሕፋሕ ለብዒ ብጣዕሚ ትሑት ከም ምዃኑ ኢዮም ትካል ህዝባዊ ጥዕና ገምጊሞም ዘለዉ ።